Bayerisches Staatsministerium der Justiz

ናይ ባየር ክፍለ ሃገር ናይ ፍትሒ ሚኒስተር




# ናይ ጀርመን ሕጋዊ ስርዓት መሰረታዊ መትከላትን ዕሴታትን

**ጀርመን ዴሞክራሲያዊት ዝኾነት ብሕጊ ትመሓዳደር ሃገር እያ።**
ኣብ ጀርመን ዝኾነ ዝፍቀድን ዝኽልከልን ነገር መንግስቲ ብሕጊ ዝውስኖ እዩ። ሕግታት ብፓርላማ ይጸድቁ። ናይ ፓርላማ ኣባላት ብህዝቢ ጀርመን ይምረጹ።

**ጀርመን ናጽነትን ማዕርነትን ዘለዋ ሃገር እያ።**
ሕገመንግስትና ናይ ውልቀሰብ መሰላት ዘረጋግጽ እዩ። መንግስቲ እዞም መሰላት የኽብርን ይካላኸልን።

**ኣብ ጀርመን ዝኾነ ሰብ ኣካሉ ንኸይጕዳእ ናይ ኣካላዊ ምሉእነት መሰል ኣለዎ።**
ዝኾነ ሰብ ካልእ ሰብ ንኽጐድእ መሰል የብሉን። ኣብ ሰድራ'ውን ንብዓል ቤትን ብዓልት ቤትን ንቈልዑን ናይ ምጕዳእ መሰል የለን።

**ኣብ ጀርመን ኩሉ ሰብ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ እዩ።**
ወጻእተኛታት ይኹኑ ጀርመናውያን፣ ሃብታም ይኹን ድኻ ኩሎም ኣብ ናይ ጀርመን ቤት-ፍርድታትን ቤት-ጽሕፈታትን ብማዕረ ይራኣዩ።




**ኣብ ጀርመን ኣንስትን ሰብኡትን ማዕረ እዮም።**
ኣብ ስራሕ ፣ ኣብ ሓዳር ወይ ኣብ እርክነትን ኣብ ስድራን ሓደ ዓይነት መስላትን ግዴታታትን ኣለዎም።

**ማንም ብሰንኪ ጾታዊ ዝንባለኡ ወይ ጾታዊ መንነቱ ኣድልዎ/ምፍልላይ ክምኮር የብሉን።**
ግብረ-ሰዶመኛታት ከምኡ'ውን ድርብ ጾታዊ ዝንባለ ዘለዎም ሰባት ልክዕ ከም ልዩ- ጾተኛታት (ትኽ ዝበሉ) ማዕረ መሰላት ኣለዎም። ጾትኦም ዝቐየሩ (ትራንስ) ከምኡ'ውን ስግረ-ጾተኛታት ልክዕ ከም ሰብኡትን ኣንስትን ማዕረ መሰላት ኣለውዎም።



**ኣብ ጀርመን ናይ ሃይማኖትን እምነትን ናጽነት ዝተኸብረ እዩ።**
ዝኾነ ሰብ ብናጻ ብሃይማኖት ምእማንን ወይ ዘይምእማንን፣ ዝደልዮ ሃይማኖት ናይ ምምራጽን መሰል ኣለዎ። ኩለን ሃይማኖታት ብማዕርነት ተኸባቢረን ይነብራ።



**ኣብ ጀርመን ዝኾነ ሰብ ሓሳቡ ብናጻ ናይ ምግላጽ መሰል ኣለዎ።**
ዝኾነ ሰብ ዝሓስቦ ናይ ምዝራብ መሰል ኣለዎ። እዚ መሰል ግና ሕግታት ከይጣሓሰን ንኣብነት ናይ ጽልኢትን ዓመጽን መጸዋዕታ ከይገበረን ወይ ሰብ ከየዋረደን ክኸውን ኣለዎ።



**ኣብ ጀርመን ሕጊ ኣብ ተግባር ምፍጻም ናይ መንግስቲ ሓላፍነት እዩ።**
ብዘይ ሕጊ ባዕልኻ ስጉምቲ ምውሳድ ክልኩል እዩ።መሰሉ ዘይተኸብረሉ ሰብ ካብ ፖሊስን ናይ ፍትሒ ኣካላትን ሓገዝ ክረክብ ይኽእል እዩ።እዚኦም ብዘይ ጉቦ ብሕግን ብስርዓትን ዝውስኑ እዮም።

---

< መርበባት ኢንተርነት ናይ ፊልም "ሓድነት። ምእዘዛ። ናጽነት። ቅዋማዊ ሃገረ ጀርመን ብኸምኡ እዩ ዝሰርሕ።" ኣብ መርበብና ኢንተርነት www.justiz.bayern.de. ኣብቲ ፊልም መሰረታውያን መትከላት ናይ ቅዋም ሃገረ ጀርመን ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ደቓይቕ ብቐልጡፍ ከምኡ ድማ ብግሉጽ ኣገባብ ተገሊጾም።